# ቅልዕቲ መልእኽቲ ንብጻይ ኣንቶንዮ ተስፋይ

ክፋል-2-ኣንቶንዮ

ከም ኩሎም ኣሕዋትን ኣሓትን ተቓለስቲ ኤርትራውያን ብሃገራዊ ስምዒት፡ ብግርህና፡ ብዕላማ፡ ብድሌት፡ ብተወፋይነት ንስለ ሃገርን ህዝብን ነጻነትን ሓርነትን ንምግዳል ወጺእና። ኣብ ገድሊ ኣብታ ዓባይ ሰፋሕ ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ ኣባላት ስለዝነበርና ኣብ ኣዎንታውን ኣሉታውን ጉዕዞ ቃልሲ ብሓደ ተቓሊስናን ዘቲናን ብሓደ በሊዕናን ሰቲናን ኢና፡ ክሳብ'ዛ ዕለት 24 ሰፕተምበር፡ 2017።

ብዘይምግናን ከኣ ብዛዕባ ናትካ ብጻይ ኣንቶንዮ፡ ዘይብሱልን ሰንኮፍን ጠባይ ኣብ ፖሊቲካውን ሕብረተ-ሰብኣውን መዳያት፡ ጽቡቕ ርድኢትን ምሉእ ስእልን ኣሎኒ፡ ክብል ይደፍር።

ንሕና ኣብ ሃገር ሽወደን እንነበር ደለይቲ ፍትሒ ኤርትራውያን ብፍላይ ኣብ ከተማ ስቶኮልም ዘሎና ብጾት፡ እቲ ናትካ ዘይጥዑይ ጠባይ፡ ንዓና ብጭቡጥ ብሩህ ኮይኑ ጸኒሑ'ዩ። ግና እታ ጠንበርበር ትብልን ጉራማይለ መልእኽትታት ዘለዋን ናይ ዉልቕኻ ቲቪ ሰነድ፡ ንኻልኦት ሃገራውያን ንኽይተደናግር፡ ብዙሕ ሻቕሎት ጸኒሑና ኢዩ።

ነታ ኣገራሚት፡ ፌጠራን ጻዕዳ ሕሶትን ዝትሕዝቶኣ ደብዳቤኻ ምስ ኣንበብኩ ዝተሰማዓኒ ጓሂ መወዳእታ የብሉን። እንተነፈሰለይ ገለ'ስከ ካብቲ ብዙሕ፡ በጨቕ ከብል!

ሓቂ ዘይተንጸባርቕ ደብዳቤ ኣንቶንዮ ንምንባብ፡ ነዚ ጽሑፍ ተወከሱ።
ANTONIO's RESIGNATATION LETTER ክፋል-1-ኣንቶኒዮ

# HOW ANTONIO RETREATED FROM EPDP




ኣንቶንዮ ተስፋይ (ኣብ ጸጋም ካብ ዘለዉ ቡናዊ ክዳን ለቢሳ ዘላ ብጸይቲ፡ ኣብ ጸጋማይ ኢዳ ደው ኢሉ ዘሎ) ኣብ ጉባኤ ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ጨንፈር ቁ. 1፡ ኡፕሳላ፡ ስዊደን፡ 19 ኦጎስት፡ 2017።

# መብርሂ ንኣንበብቲ

**ኣብታ መዓልቲ፡ ዕለት 19 ኦጎስት፡ 2017 ኣብ ከተማ ኡፕሳላ፡ ሽወደን ዝተካየደ ጉባኤ ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ጨንፈር ቁ. 1፡ ኣነ ንጨንፈር ቁ. 2 ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ወኪለ ከም ጋሻ ብኣካል ኣብቲ ጉባኤ ስለዝነበርኩ፡ እዚ ኣብ ናይ ኣንቶኒዮ ደብዳቤ፡ ማለት ANTONIO's RESIGNATATION LETTER ሰፊሩ ዘሎ ቃላት፡ ሓሶትን ፈጠራን ምዃኑ የረጋግጽ።**

**ኣብቲ ጉባኤ፡ ንስኻ ከምኡ ኣይተዛረብካን። ከምኡ ዝብል ናትካ ቃላት ኣይሰማዕኩን። ብግልባጡ፡ ኣብ ቀጻሊ ንብጻይ**

መድሃኔ ነርኣዮ ክትታሓባበሮ ቃል ኣቲኻ፡ ብኸምኡ ነናብ ቦታና ተፋኒና።

ክቡር ብጻይ ኣንቶንዮ፡ ንስኻ ኣብ ሰልፊ ኣባል ክትኸውን ብስም ስዉኣት ምሒልካ ኢኻ። ጉባኤ ጨንፈር ቁ. 1 ከኣ ንዝተለምናዮም መድባት፡ ብሕድሪ ስዉኣት ክንትግብር፡ ብዝኸሪ ስዉኣት እዩ ተዛዚሙ።

እንተኾነ ግን ንጎደና ጥልመት ምኻድ ካብ መረጽካ ኣዕጽምቶም ይውጋእካ። ንእትቐጽሎ ቃልሲ ከኣ ምስ ቀንጻሊኦም ብምስላፍ ስለዝጠለምካዮም፡ ጊዜ ባዕሉ ይፍረድካ።

ንስኻ ኣብዛ ሃገር ሸወደን ምስ ኣቶኻ፡ ትገብሮ ዝነበርካ ፖለቲካዊ ገልበጥበጥ ጎደናታት ስቶኮልም ይመስክሩ። ንጥፈታትካ ኩሉ ምዝጉብ እዩ። ናይ ክቡር ስዉእ ጅግና ስዩም ዑቅባሚካኤል ምብጻሕ ናብ ገዛኻ ትዝክሮ’ዶ? ናብ ህግደፍ ገጽካ ጸዲፍካን ብኡኣም ተጣላቒኻን ኣብ ዝነበርካሉ ግዜ፡ ስዉእ ስዩም ዝበለካ ዘክሮ ኢኻ፡ ኣጸቢቕካ!

ኣብየት ወዳጀ! ድሕሪ 7 ዓመት ሎሚ መራሒ ኾንካ። እወ! ተለቃሕ ምትላል፡ ካብ’ቲ ሓድሽ ዓምኻ።

እቲ ጉዕዞ፡ ቀጻልን ጊዜ’ውን ስለዝወስድን ዕድመ እንተሂቡና ክንርእዮን ክንሰምዖን ንኽእል ንኸውን ኢና።

ዝሓዘነልካ ብጻይ ጸሃየ ቀለታ

ማርች 14፡ 2018

Part-2-Antonio, Design & layout by Haile Menegesha Okbe.